# <u>ጉጅለ ህግደፍ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ውሽጣዊ ቅልውላው ከም ዝርከብ ተገሊጹ።</u>

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ብ20 ሰነ 2018 ብሃንደበት ንጻውዒት ፈጻሚ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ. መሰረት ገይሩ፡ ልኡኽና ናብ ኣዲስ ኣበባ ክንሰድድ ኢና ካብ ዝበለላ ዕለት ጀሚሮም፡ ብዙሓት ዶብና ከይተጠረረ ሰላም የለን ዝብሉ ዝነበሩ ኣድነቕቲ ኢሳያስ ርኡይ ስንባደ ከም ዘንጸባረቑ ዝሓበሩ ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ እቲ ስንባደ ቀስ ብቐስ ናብ ተቓውሞ ይምዕብል፡ መንግስታዊ ስራሓት ኣብ ሓውሲ ደውታ ኣትዩ ሰራሕተኛታት ዝበዝሕ ግዜኦም ተጎጃጂሎም ሰብኣይ ኣይጠዓየን እንታይ ንግበር ኣብ ዝብል ክተዓት ከም ዘሕልፍዎን ኣረጋጊጾም።

ኢሳያስ ናብ ሃገራት ዓረብ ዝገብሮ ምምልላስ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከይዱ ዘርኣዮ ወደኽደኽን ትጽቢት ዘይተግብረሉ ናይ ስዑራት ዘረባ፣ ምምሕዳር ኣመሪካ ብወግዒ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓድሽ ስትራተጂ ነዲፍና ንሰርሕ ኣለና ክብሉ ዝህብዎ ዘለው መግለጺ፡ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ምስ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዝገብርዎ ዘለው ስውር ርክባትን ስምምዓትን፣ ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ በጺሖም ዝተመልሱ ኤርትራውያን ዝተዓዘብዎ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምዕባለን ምስ ውድቀት ምዕባለ ኤርትራ ብምንጽጻር ዝፈጥረሎም ስምዒትን ተደማሚሩ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ተታሊልና ብደውና ተቐቢርና ዝብል ድምጺ ብቐጻሊ ይስማዕ ምህላውን ኣረዲኦም።

በዚ ስግኣት ዝሓደሮ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ድማ ከምቲ ልሙድ፡ ናይ ራዕድን ዘይትግበር መብጸዓን ሓበሬታ ዝዝርግሑ ሃሱሳት ብምውፋርን ካብ ኩራ ናብ ተግባር ክሰጋገሩ ይኽእሉዮም ዝበሎም ብፍላይ፡ ኣባላት ሰራዊት ይኣሰር ከም ዘሎን ሓቢሮም።

ንኣብነት ካብቶም እሙናት ዝብሎም መብዛሕቲኦም ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራን ቀያሕቲ ዕንበባን ዝፍለጡ ዝርከብዎ ትካል ሓይሊ ኣየር ኣብ መወዳእታ ሰሙን ናይœዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ታሕሳስ 2018 12 ኣባላት ኣሲሩ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ይኹን ግን እቲ ኣብ ህዝቢ ተፈጢሩ ዘሎ ስምዒት ንድሕሪት ዝምለስ ኣይመስልን ክብሉ ብ30 ታሕሳስ 2018 ኣብ ዝሰደዱልና ናይ ኢሜይል መልእኽቲ ገሊጾም።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ

31 ታሕሳስ 2018